# ኮሮና ቫይረስ

**ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ይሓስቡ እዮም።**
**ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን በዚ ቫይረስ ዝተለኽፉ ሰባት ዳርጋ ኹሎም ጥዕንኦም ናብ ንቡር እዩ ዝምለስ።**
**እንተኾነ ግን ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።**

## እንታይ ክትገብር ይግባኣካ?

ነዞም ዝስዕቡ ጠቓምቲ ምኽርታት ንተዓዘብ፣



**1**. .ኣብ መዓልቲ ደጋጊምካ የእዳውካ ብሳምና ተሓጸብ። መንጎ ኣጻብዕትኻ ውን ጽቡቕ ጌርካ ሕጸቦ።



**2.** .ኣብ እትሕንጥሰሉ ወይ ድማ እትስዕለሉ እዋን መንዲል ወይ ድማ ሶፍት ተጠቀም።



**3**. ወይ ድማ ኣብ ብርኪ ኢድካ (ኢድካ ብምዕጻፍ) ክትሕንጥስን ክትስዕልን ይግባእ።



**4.** ብኢድካ ሰላም ኣይትበል!

# ኣብ ግዜ ምልክታት እንታይ ክትገብር ይግባእ!

**ናብ ሓኪምካ (huisarts) ምድዋል ኩሉ ግዜ  ኣገዳሲ ኣይኮነን!**
**ኣዝዩ ብርቱዕ ምልክታት ምስ ዘይህልወካ ናብ ሓኪምካ (huisarts) ኣይትደውል!**

**ካብ ገዛ ኣይትውጻእ!** እንተ ደኣ ትስዕልን ትህንጥስን ኣሊኻ: ወይ ድማ ኣብ ቻይና, ኢራን, ሲንጋፖር, ደቡብ ኮርያ ወይ ሰሜን ጥልያን ጌሽካ እንተኔርካ: ወይ ውን ምስ ብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ ተራኺብካ እንተኔርካ:: **እምበኣርከስ ኣብ ከምዚ ኩነታት ናብ ሓኪምካ (huisarts) ምድዋል  ኣየድልን  እዩ ::** ካብ ገዛ ከይወጻኻ ባዕልኻ ተኽናኸኖ::

**ምልክታትካ ብርቱዕ ምስ ዝኸውን ናብ ሓኪምካ (huisarts) ደውል::**
- ረስኒ ልዕሊ 38 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ምስ ዝኸውን::
- ትንፋስ ምስ ዝሓጽረካ: ሰዓል ምስዝህልወካ::
- ናብ ቻይና: ሲንጋፖር : ኢራን: ደቡብ ኮርያ ወይ ሰሜን ጥልያን ጌሽካ እንተኔርካ::
- **ወይ ድማ** ምስ ብ ኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ ተራኺብካ እንተኔርካ::






## ንተወሳኺ ሓበሬታ፣

ናብ 0800-1351 ደውል ወይ መርበብ
ሓበሬታThuisarts.nl ተወከስ።

**ናብ ሃውስርትስ ኣይትኺድ!**



Deze vertaling is gebaseerd op Nederlandse informatie. Die informatie is gemaakt in samenwerking met Thuisarts.nl, een initiatief van het Nederlands Huisartsen Genootschap (NHG). De informatie is getest met taalambassadeurs van Stichting ABC.